ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ　　　　الحزب الديمقراطي الإرتري

# Eritrean Democratic Party (EDP)

## <u>መግለጺ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ</u>

ብመሰረት ኣብ መርበብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝወጸ ወተሃደራዊ መግለጺ፡ ኣብ መጀመርታ እዚ ሒዝናዮ ዘሎና ወርሒ ጥሪ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ብሓባር ዘካየድዎ መጥቃዕቲ 25 ኤርትራውያን ኣባላት ስለያ ስርዓት ህግደፍ ቀቲሎም 38 ከምዘቑሰሉን ሓቢሮም።

ኤርትራውያን መንሰያት ብፉቶቶም ዘይኮነ ተገዲዶም ከምዘገልግሉን፡ ከም ኩሉ ኤርትራዊ ከኣ ግዳይ እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ብጎሮርሑ ሓኒቑ ምስትንፋስ ከሊእዎ ዘሎ፡ እከይ ስርዓት ኣስመራ ከምዝኾኑ ኩሉ ኤርትራዊ ዝፈልጦ ጉዳይ ኢዩ በሃልቲ ኢና፡ ይኹን እምበር ነዞም ክልተ ውድባት ከመይ ጌሩ ከምዝተሰወሮም ፈጺሙ ክርደኣና ኣይከኣለን።

ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ካብቲ መትከላዊ እምነቱ ብምብጋስ ነዚ ጸያፍን ባርባርያውን ግብሪ  ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ሎሚ`ውን ብጥብቂ ንኹንኖ።

ኣይኮነን ዶ  ኣብ መንጎ የሕዋት፡ ዋላ`ውን ምስ ጓኖት፡ ጸገም ምስ ዝርከብ ቁኑዕን ነባሪ ሰላምን ምርድዳእን ክመጽእ ዝኽእል ብሰላማዊ መንገዲ ምስ ዝፍታሕ ጥራይ ኢዩ ኢልና ንኣምን።

መረጋገጺ ነዚ ንምርካብ ከኣ ርሑቕ ምኻድ ኣየድልየናን ኢዩ። እዞም ትንፋስ ኤርትራውያን የሕዋቶም ስለዘሕለፉ ዝንየትሉን ዝጀሃሩሉን ዘለዉ፡ ኣብ ግዜ ዶባዊ ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ነቲ ግጭት ኣመልኪቶም፡ እዚ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ቅድሚ ኣሰርተታት ኣሽሓት ንጹሃት ኤርትራውያን መንእሰያት ከየጥፈአ፡ ብሰላማዊ መንገዲ ኪፈትሖ ነይርዎ፡ ሕጂ ግን ኤርትራ ምስ ጎረቤታ ኣብ ደማዊ ግጭት ሸሚምዋ ይርከብ ኢሎም ይምጉቱ ከም ዝነበሩ ናይ ቀረባ ተዘክሮ ኢዩ።

እዚ ሙጉት`ዚ ኣማን ብኣማን ኣብ ቦትኡ ኢዩ ነይሩን ዘሎን፡ ይኹን እምበር እንታይ እዋኑ ደኣ ሃፊፉ? ንኻልእ ዝለገስኩሞ ለባም ምኽሪ ስለምንታይ ንነብስኹም ክትልግሱላ ዘይከኣልኩም ዘገርም ጉዳይ ኢዩ። ንነብስኹም ዘይትኣምንሉ ግብሪ፡ ካልእ ከኽብሮን ክኣምኖን ምጥላብ እንታይ ማለት ኢዩ።

እሞ ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ኣተረጓጉማ ተበጊስና፡ እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ኣረመንየ ስርዓት ኣናጊፍና ፍትሕን ሕግን ኣብ ኤርትራ ክነንግስ ኢና ክትብሉ ከለኹም ከ፡ በንጻሩ ነቲ ስልጣን ካብ ህግደፍ የሕዲግና ብዘይ ሕግን ፍትሕን ረጊጽና ክንገዝኣካ ኢና ዶ ኣየስምዕን ? እቲ ተስተምህርዎን ግብርኹምን ሰለዘይቃደው።

እዞም የሕዋትና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ዘይተረድኦም ነገር እንተሎ፡

1. ነቲ ኣብ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ማእለያ ዘይብሉ ግፍዒ፡ እቶም ኣርካናት ህግደፍ እምበር እቶም ብኢዶም ዝተቐዝፉ መንእሰያት ኤርትራውያን ደቅናን የሕዋትናን ከምዘይኮኑ ፈላልዮም ክርእዩ ዘይምኽኣሎም ኢዩ።
2. ጎነጽ ዝያዳ ጎነጽ ከምዝወልድ፡ በንጻሩ`ውን ሰላም ዝያዳ ሰላም ከምዝወልድ ዘይምርድኦም እዩ።
3. ስለዝኾነ ከኣ ካብቲ ትስሕትዎ ዘለኹም ነጥቢታት እዚ ዝስዕብ`ውን ኣሎ፡ ህዝብና እቲ ብምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዝወርዶ ዘሎ በደልን ወጽዓን ከይኣኽሎ፡ ብተቓወምቲ ኢና በሃልቲ ጉጅለታት ከምዚ ዝኣመሰለ ግፍዒ ኣብ ዝባኑ ኪወርድ ከሎ፡ እቶም ዝቐተልኩሞም ንበይኖም ኣይተፈጥሩን ስለዝኾነ ከኣ ወለዶም፣ ስድራኦም፣ ኣዝማዶም፣ መቕርቦም የዕርኹቶም መተዓብይቶም ጎረባብቶምን ካልኦትን ፈተውቲ ስለዘለዉዎም፡ እዚኦምን ካልእን ህዝቢ ኣንጻር እዚ እከይ ስርዓት ኪለዓሉ ንደልዮም ዘሎና ከመይ ጌይሩ ኢዩ ምስ ቀተልቲ ደቁ፡ ኪስለፍ ትደልዩዎ ዘለኹም ?

4. ከምኡ`ውን በዚ ባርባርያዊ ግብርኹም (ግንባር ሃገራዊ ድሕነትን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪን ) ነቲ ህዝቢ ተማሓላልፍዎ ዘለኹም፡ መልእኽቲ እዚ ዝስዕብ ከምዝኾነ ኢዩ ዘይተረዳኣኩም ዘሎ፡ " ስማዕ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ዘሎ ስርዓት ኪነልግሶ እንተተሓባቢርካና፡ ጻማኻ ሕጂ`ኳ ድሮ መቕተልትን፣ መግረፍትን ስቅያትን፡ ዘርከብናሉ ደሓር እሞ ስልጣን ምስዓተርና ከኣ፡ እንታይ ኢልካዮ፡ ካብቲ ናይ ህግደፍ ብዝተዓጻጸፈ ዓቕኑ ክነዝንበልካ ከምዝኾንና የዐሪካ ኣስተብህል" ኢኹም ትብልዎ ዘለኹም።
5. ብቐጻሊ`ውን ዘይተረድኣኩም ነጥቢ፡ ንህዝብና ዘድልዮ ዘሎ፡ እንተኾነ ብሰላማዊ ኣጋባብ፡ ግን እስከ ደሓን፡ ግድን ብጎነጽ ካብ በልኩም፡ ዋልታ ዝኾኖ፣ ጸግዒ ዝኾኖ፣ ኣያ ዝኾኖ፣ ዝዘርየሉን ካብዚ ስርዓት ዘናግፎን እምበር፡ መሊሱ ደቁ ዝቐትለሉን ዘጋፍዓሉን ከምዘየድልዮን ኢዩ።
6. ትንፋስ መንእሰያት ኤርትራውያን የሕዋትካ ኣጥፊእካ ክንድ`ዚ ምጀሃርከ እንታይ ኣምጽኦ? እዚ እከይ መንግስቲ`ኳ እዚ ኩሉ ትንፋስ እንዳጥፍዐ ቀቲለ ኢሉ ክጅሃር ዘየተራእየ።
7. ከምኡ`ውን ብጎነጽ ነቲ ዘሎ ዓማጺ መንግስቲ ዘልግስ ሓይሊ ኩሉ፡ እቲ ንግስነት ናተይ ኢዩ፡ ብጻዕረይ፣ ብደመይ፣ ብሓይለይ ዘምጻእኩዎ ኢዩ፡ ኢሉ ስለዝኣምን ህዝባዊ መንግስቲ ክተክል ማለት ዘበት ኢዩ፡ ካብ ህግደፍ ጀሚርካ ንኹለን ብረታዊ ቃልስታት ንናጽነት ኣብ ኣፍሪቃ ተመሊስና እንተረኣና ህዝባዊ መንግስቲ ዝተከለ ክትረክብ የጸግም ኢዩ። በንጻሩ ግን እተን ሰላማውን ህዝባውን ቃልስታት ዘካየዳ ከም ጋና ብኩዋሜ ንክሩማ ዝምራሕ ሲ. ፒ. ፒ *(The <u>Convention People's Party</u>).* ከሙ`ውን ናይ በልጂግ ኮንጎ ደሓር ዛይር ዝተሰምየት ብመሪሕነት ናይ ፓትሪስ ልሙምባ *<u>Mouvement National Congolais</u> (MNC)* ህዝባዊ መንግስቲ ከምዝተኸላ ክጥቀስ ይከኣል።

ኣብ መወዳእታ ክንብሎ ንደሊ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ናይ ወጻኢ ሓይሊ እምነት ነሕድር፡ ኣብ ህዝብና እምነት እንተነሕድር ኢዩ እቲ ዝበለጸ፡ ህዝቢ`ውን ነቲ እምነት ተቓወምቲ ብዓጸፉ ምመለሾ በሃልቲ ኢና።
ህዝቢ ኣብ ዞርያ ተቓውሞ ክዓስል እንተደሊና፡ ድልየት ህዝቢ ፈሊጥና ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ናይ ሓባር ጭርሖን ብሓንቲ ህዝቢ ዝመረጾ ኣጋባብ ቃልሲ ክንምራሕ እንተወሲናን፡ ቅድም ቀዳድም ከምቲ ዮናስ ኣርኣያ ኣብታ (the constitution as a rallying point) ትብል ጽሕፍቲ ዝገለጾ፡ ሓድነትና ከም ሓጺን ምተረረ፣ ድምጽና ምጎልሐ፣ ትኩርነትና ዘደንቐ፣ ሓይልና ኣድማዒ፣ ውሕደትና ምሉእ፣ ፍልልይና ባዶ፣ መጻኢና ርጉጽ፣ ዕላማና ቀረባን ቀሊል ንክዕወትን ቀሊል ንሰብ ክትገልጾን ዎ ሓፋሽ ህዝቢ ክስዕቦን ዝኽእል ኢዩ ይብል፡ እወ ኣማን ብኣማን ንብል ንሕና ኣባላት ሰልፊ ደሞክራሲ።
ስለዚ እቲ መፍትሒ ሓደ ኮይንካ ንሓደ ዕላማ ምስራሕን ስለዝኾነ ሓየ ኩላትና ኮፍ ኢልና ዘቲና ብሓደ ንስራሕ።
ሕጂ ናተይ ፕሮግራም ይበልጽ ናተይባ ዝበሃሎ ግዜ ኣይኮነን፡ ንሱ ድሕሪ ምውዳቕ ስርዓት ህግደፍ ዝመጽእ ጉዳይ ኢዩ፡ ሕጊ ናይ ሰልፍታትን ናይ ምርጫን ምስተጻሕፈን ጸደቕን ነርክበሉ ጉዳይ ኢዩ።
ኣብ መወዳእታ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ፡ ነቶም ዝተቐትሉ መንግስተሰማይ የዋርሶም፡ ንዝቖሰሉ ምሕረት የውርደሎም፡ ከምኡ`ውን ንቤተሰቦም ጽንዓት ይሃብኩም ንብል።

ፍትሕን ሰላምን ራህዋን ንህዝብና !!!